# ዕምቆት ዝምድና ኤርትራን ሶማልን



**ብዶ/ር ኣሕመድ ሓሰን ድሕሊ**

ፕረዚደንት ሶማል ሓሰን ሼኽ ማሕሙድ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብዘቕረበሉ ዕድመ መሰረት ብ17 መጋቢት 2024 ናብ ሃገረ ኤርትራ ወግዓዊ ዑደት ኣካይዱ። ኣብ'ቲ ርክብ ክልቲኦም መራሕቲ ብዛዕባ ምዕባለታት ኩነታት ሶማል፡ ክልተኣዊ ዝምድናታትን ብሓባር ኣብ ዘገድሶም ዞባዊ ጉዳያትን ሓሳባት ተለዋዊጦም። ዑደት ፕረዚደንት ሓሰን ሼኽ ማሕሙድ ዝምድና ኤርትራን ሶማልን ኣብ ኩሉ ፖለቲካዊ፡ ቍጠባዊ፡ ወተሃደራዊ፡ ጸጥታውን ባህላውን መዳያት ቅልጡፍ ገስጋስ ኣብ ዘርእየሉ ዘሎ ህሞት'ዩ ተኻይዱ። እዚ ዑደት'ዚ ሕጂ ዝተወልደ ዘይኮነስ መቀጸልታ ናይ'ቲ ፕረዚደንት ሶማል ኣብ ግንቦት 2022 ስልጣን ዝሓዘሉ እዋን ኣትሒዙ ዘካየዶ ዑደታት እዩ። ፕረዚደንት ሶማል ነበር መሓመድ ዓብደላ መሓመድን ፕረዚደንት ኢሳይያስን ነቲ ኣብ እዋን ዕጥቃዊ ቃልሲ ኤርትራ ኣብ ሱሳታት ናይ ዝሓለፈ ክፍለ ዘመን ዝተመስረተ ታሪኻዊ ናይ ምትሕግጋዝ ዝምድና ተመርኩሶም ንዝምድና ክልቲኡ ህዝብታትን ሃገራትን ኣብ ኩሉ መዳያት ኣብ ምሕያል ዓቢ ታሪኻውን ፖለቲካውን ተራ ተጻዊቶም እዮም።

ህዝቢ ሶማል ኣብ ኣዝዩ ጽንኩር ታሪኻውን ፖለቲካውን መድረኽ ንሰለስተ ዕቁዳት ምሉእ ኣብ ጐኒ ፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ

ደው ከም ዝበለ ኸኣ ታሪኽን ህዝብን ኤርትራ ኩሉ ግዜ ዝዝክርዎ ሓቂ እዩ። ስለዚ ኸኣ ኣብ ሶማል ሰላም፡ ጸጥታን ርግኣትን ሰፊኑ፡ ሉኣላውነታን መሬታዊ ሓድነታን ተሓልዩ፡ ብዘለዋ ማዕድናዊ ጸጋታትን ናይ ባሕሪ፡ ሕርሻን እንስሳን ሃብቲን ካብ ወሽመጥ ፋርስን ዓረብን ክሳብ ማእከላይ ባሕሪን ህንዳዊ ውቅያኖስን ወሽመጥ ዓደን ባብ ኤል መንደብን ዝዝርጋሕ 3333 ኪሎ ሜተር ዝንውሓቱ ኣገዳሲ ጂኦ-እስትራተጂን ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ወሽመጥ ዓደን፡ ቀይሕ ባሕሪ፡ መላእ ኣፍሪቃን ኣብ ኣህጉራዊ መድረኻትን ታሪኻዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ቍጠባዊ፡ ባህላውን ጸጥታውን ተራ ምእንቲ ክትጻወት ህዝብን መንግስቲን ኤርትራ ካብ መዓልቲ ናጽነት 1991 ጀሚሮም ብኹሉ ዝውንንዎ ዓቕሚ ኣብ ጐኒ ሶማል ደው ምባሎም ዘገርም ኣይኮነን።